# EFFORT Statement- March 2019

ንኹለን ማዕኸናት ዜና

## መግለፂ ቤት ምኽሪ ትእምት

ፍረ ደምን ረሃፅን ህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ትእምት ካብ ዝተጣየሸሉ ጊዜ ጀሚሩ ክሳብ ሐዚ ውክልና ህዝቢ ትግራይ ብዘለዎ ቤት ምኽርን ንሱ ብዝመረፆ በዓል ሓደራ ቦርድን እናተመርሐ ዓበይቲ ልምዓታዊ ዓወታት እናመዝገበ ኣብዚ ሐዚ ዘለዎ ደረጃ በፂሑ እዩ፡፡

ትእምት ሕሉፍ ጉዕዝኡ ብጥማር እንትረኣ፦ ብሰንኪ ኣድላዊ ስርዓት ጨና ኢንዳስትሪ ዘይነበራ ትግራይ ኣብ ቑጠባዊ ልምዓት ክልልናን ሃገርናን ዝለዓለ እጃም ዘለወን በዙሓት ትካላት ብምጥያሽ ህዝብናን ክልልናን ተጠቃሚ ንምግባር ዓዕሪ ገይሩ እዩ፡፡ ካብ ቴክኖሎጂያዊ ፍልጠት ርሒቕም ዝነበሩ ወገናትና ዝተፈላለዩ ፋብሪካታት ብምጥያሽን ስልጠና ክረኽቡ፣ ኢዶም ከዕርዩን ስግግር ቴክኖሎጂ ክካየድን ዓብይ እጃም ኣበርኪታ እያ፡፡ ትካላት ትእምት ብቑንዱ ትግራይ ማእኸል ገይረን ብምጥያሽን ብምንቅስቓስን ንኣሻሓት ስራሕ ኣልቦ ወገናት ብምቑፃር ስእነት ስራሕ ኣብ ምቅላልን መነባብሮ ሕ/ሰብ ኣብ ምምሕያሽን ልዑል ኣበርክቶ ገይረን፡፡ ትካላት ትእምት እኹል እዩ እኳ እንተዘይተብሃለ ኣብ ዝተፈላለዩ ማሕበረ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ትግራይ ብምስታፍ ኣብ ምሕጋዝ ስድራ ስውኣት፣ ጉድኣት ኲናትን ኣብ ህንፀት ማሕበራዊ ግልጋሎታት ከም ትካላት ጥዕናን ትምህርትን ፣ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮኣውን ሓደጋታት ኣብ ምምካትን ኣብ ዝኣመሰሉን ብምስታፍ ማሕበራዊ እጃመን ኣበርኪተን እየን፡፡ ብኣጠቓላሊ ትካላት ትእምት ማሕበረ ቑጠባዊ ምንቅስቃስ ትግራይ ኣብ ምምዕባልን ዕላል ብምኳንን ዝለዓለ እጃም እናፈፀማ መፂኣንን ኣብ ምፍፃም ዝርከባን ህዝባዊ ትካላት እየን፡፡

ይኹን እምበር ኣብዚ ዕውት ጉዕዞ እዚ ትእምት ከም ዝኾነ ትካል ብገምጋም ዝተነፀሩ ውሽጣውን ገዳማውን ድኽመታትን ፀገማትን ከምዝነበርዎ ግልፂ እዩ፡፡

ካብዚ ብምብጋስ ድሕሪ ብዕምቆት ምህዳስ ትእምት እውን ንዘጋጠምዎን ዘለውዎን ውሽጣውን ግዳማውን ድኽመታትን ፀገማትን ንምምሕያሽን ንምፍታሕን ዝኽእል ለውጥታት ብዝተፀንዐ መንገዲ ንምትእትታው ሰፊሕ ፃዕሪ ኣብ ምግባር ትርከብ ዘላ ትካል

እያ፡፡ ካብቶም ዝተኣታተዉ ዘለዉ ለውጥታት፡- ዋንነት፡ ተሳትፎ፡ ቁፅፅርን ደገፍን ህዝቢ ምስፋሕ፣ ዳግመ ውዳበ ብምግባር ስራሕቲ ኢንቨስትመንትን ምግባረ ሰናይን ኣጠናኺርካ ምቕፃል፣ዋንነትን ተሳትፎን ህዝቢ ንምዕባይ ዕፃ /ሼር/ ንምሻጥ ዝግበሩ ዘለዉ ምድላዋት ብኣብነት ዝጥቀሱ እዮም፡፡

ብመሰረት እዚ ትእምት ብፍላይ ግልፅነት፡ ኣሳታፍነትን ተሓታትነትን ንምስፋሕ ብመፅናዕቲ ዝተደገፈ ምድላው እናገበረት ድሕሪ ምፅናሕ ካብ ኩለን ኣብያተ ምኽሪ ወረዳታት፡ ከተማታትን ክልልን ከምኡ እውን ካብ ማሕበራት ሓፋሽ ዝተወከሉ ብኣባልነት ዝርከብዎ ሓድሽ ቤት ምኽሪ ትእምት ተጣይሹ ኣሎ፡፡ እቲ ነባርን ሓዱሽን ቤት ምኽሪ ትእምት ብሓባር ዘትዮን ኣድላይነቱ ኣሚኖሙ ንቤት ምኽሪ ትእምት ተፀዋዕነቱ ናብ ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መንግስቲ ትግራይ ክኸውን ውሳነ ሓሳብ ናብ ክልል ኣቕሪቦ እዮ፡፡

ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መንግስቲ ትግራይ እውን ንመበገሲ ሓሳብ ቤት ምኽሪ ትእምት ተቐቢሉ ብዕምቆት ድሕሪ ምርኣይን ምዝታይን፡- ትእምት ተፀዋዕነታ ንቤት ምኽሪ ብ/ክ/መንግስቲ ትግራይ ክኸውን ብ15 መጋቢት 2011 ዓ/ም ኣብ ዘካየዶ ጉባኤ ወሲኑ እዩ፡፡

ቤት ምኽሪ ብ/ክ/መንግስቲ ትግራይ ነዚ ውሳነ እዚ ምሕላፉ ውክልና ህዝቢ ዝያዳ ብምስፋሕ ትካላት ትእምት ዝሓየለ ዓቕሚ ኣመራርሓ ክዓርፈን፡ ስምዒት ብዓል ቤትነት ህዝብን ግልፅነትን ክሰፍሕ ዝገብርን ንስራሕቲ ትእምት ዝሕግዝን ብምዃኑ ቤት ምኽሪ ትእምት ምስጋንኡ ልዑል ምዃኑ ይገልፅ፡፡

ኣብ መወዳእታ ብፍላይ ብዓል ዋና ትእምት ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ብሓፈሻ ድማ ፈተውቲ፡ ደገፍትን መዳርግትን ትካላት ትእምት ካብ ናይ ወትሩ ብዝሓየለ ኣብ ጎኒ ትእምት ብምስላፍ ተሳትፎኹም ክተሐይሉ ቤት ምኽርን በዓል ሓደራ ቦርድን ትእምት በዚ ኣጋጣሚ እዚ ይፅውዑ፡፡

ቤት ምኽርን በዓል ሓደራ ቦርድን ትእምት

18 መጋቢት 2011 ዓ/ም